ዕዉት መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ከተማ ሳን ሆዘ ካሊፎርኒያ።

ዝኸበርኩም ፈተውቲ ፍትሒ ኤርትራውያን፣ ብመጀመሪያ ኩቡር ሰላምታና ተቐበሉ።ብምስዓብ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትኩም ዓወት ንምነ። 20 ሰነ ረዚን ክብሪ ዘለዋ መዓልት ከም ምኽና መጠን ኣብ ከተማ ሳን ሆዘ ካሊፎርንያ ( San Jose California ) ብዓቢ ኪብሪ ተዘኪራ ዊዒላ። እቲ ፈታው ሃገሩን ኣኽባሪ ሕድሪ ሰማእታቱን ዝኾነ ኤርትራዊ ኣብ ከተማናን ከባቢኣን ዝርከብ ንክብሪ እቶም ሂዎቶም ከይበቐቑ ከም ሽምዓ መ'ኺኾም ብርሃን ዝዓደሉና ሰማእታትና ንምዝካር ብኣዝዩ ቡርኩት ዝኾነ ቁጽሪ፣ ብዝያዳ መንእሰያትናን ህጻናትናን ዝተሳተፍዎን ብንመንነትና ዘንጸባርቑ ጽሑፋት ተኸቢራ ዊዒላ።

ኣብ'ዚ ኩቡር በዓል እዚ ነታ መዓልቲ ዝገልጽ ሑፋትን ግጥምታትን ብመሳጢ ትሕዝቶን ኣገባብን ቀሪበን ተነቢበን። ኣብዚ ኩቡር ዕለት'ዚ ዝቐረባ ግጥምታት ሾመንተ ክኾና ከለዋ ብሰለስተ ቋንቋታት ማለት ብቛንቋ ትግርኛ፡ ዓረብ፣ ብለንን ነይረን።

ኮምኡ'ውን ብተሳተፍቲ እቲ በዓል ንቐፎ ስድራ ቤት ሰማእታት ዝውዕል ብርክት ዝበለ ገንዘብ ከም ተዋጺኡን፣ ንቐጻልነቱ ሓላፍነት እትወስድ ሓዳሽ ሽማግለ ቆይማ። ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ብውልቂ ስድራ ቤት ሰማእታት ንምሕጋዝ ማለት ሓሓንቲ ስድራ ንምሓዝ ሓላፍነት ወሲዶም ኣለዉ። ኣብ'ዚ ማዓልቲ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ተመያይጡን፣ ኣብ ጎኒ መንግስትን ህዝብን ምክልኻል ሓይልታቱን ደው ኢሉ፣ ንዝኾነ እንተታት ክምክት ምኳኑ ደጊሙ ኣረጋጊጹ።

ናይ'ዚ በዓል ጸብጻብን ስእልን ኣብ ዝቕልጠፈ መዓልቲ በቶም ንዕኡ ዝተመዘዙ ብጾት ክቐርብ'ዩ።

ሰማኣታትና ሂዎቶም ዳኣ ሓሊፉ እምበር መንፈሶም ምሳና ኣሎ።

ሕድሪ ሰማእታትና ተሰኪምና ዓሎቅ ዓመጽቲ ከነፍሽሎ እና።

ብሓሶት ዝተፈብረኸ እገዳ ኣብ ልዕሊ ሃገርናን ህዝብናን ፈሻሊ'ዩ።

ሰብኣዊ መሰል ብሓሳብን ግብርን ልዕሊ ከሰስቲ ንፈልጦ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።